ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ን2012 በጀት ዓመት ግልጋሎት ዝውዕል ዝተፈላለዩ ናይ ፈርኒቸር፣ ናይ ፅሬት ኣቕሑት፣ ፅሕፈት መሳርሒ ፣ ሕትመት ፣ ኤሌክትሮኒክስ ፣ ስፔር ሞተር ሳይክልን ካብ ሕጋውያን መቅረብቲ በቲ ዘርፊ ካብ ዝተመዝገቡ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሚያዝያ 27, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 10, 2012 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 10, 2012 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ኣቁሑትን/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎን ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ዘቅርብን ብመምርሒ ሕደሳ ናይ ምሕዳስ ግዚኡ ዘይሓለፎን ዘሓደሰን ሙሉእ ገፅ ኮፒ መረዳእታ ኣተሓሒዙ ዘቅርብ፤

2 ናይ ግብሪ ከፋሊ መለለይ ቁፀሪ ቲን ናምበር ዘለዎ፣ ኣብ መቅረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገበን ሙሉእ ገፅ ኮፒ መረዳእታ ኣተሓሒዙ ዘቅርብ፤

3 ናይ ጨረታ መኽበሪ ብር 3000.00 ሸሕ ብሸም ቤት ፅሕፈት ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ብዝተረጋገፀ ሲፒኦ ኣብ ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት ከትሕዝ ኣለዎ።

4 ዋጋ ዝመልኣሉ ናይ ጨረታ ሰነድ ብቤት ፅሕፈትና ብዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ጥራሕ እዩ።

5 ዋጋ ዝመልኣሉ ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ቤት ፅሕፈት ከተማ መቐለ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ዕ/ፋ/ም/ር ንሕድሕድ ዘይምለስ ብር 50.00 (ሰላሳ) ጥራሕ ብምክፋል ካብ ዕለት 26/08/2012ዓ/ም ክሳብ 10/09/2012 ዓ/ም ኩሉግዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት ምውሳድ ይከኣል።

6 ሰነድ ጨረታ ተመሊኡ ብፖስታ ተዓሺጉ ንዕኡ ተባሂሉ ኣብ ዕ/ፋይ/ን/ም/ር ቢሮ ቁፀሪ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክሳብ ዕለት 10/09/2012ዓ/ም ሰዓት 4:00 ድ/ሰዓት ዘእትው፤

7 እቲ ሰነድ ጨረታ ዕለት 10/09/2012 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ድ/ሰዓት ተዓሺጉ በቲ ዕለት በዓል ዋና ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዘለውሉ ልክዕ ሰዓት 4:30 ይኽፈት። መቅረብቲ ብናይ ባዕሎም ድልየት ተዘይተረኺቦም እቲ ቤት ፅሕፈት ጨረታ ፖስታ ንምኽፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ። ብተመሳሳሊ ናይ ጨረታ ዶክሜንት ኦርጂናልን ፎቶ ኮፒን ነኒበይኑ ክቀርብ ኣለዎ።

8 ኣብዚ ጨረታ ዝሳተፍ ተወዳዳራይ ናይ ቫት ተመዝገቢ ዝኾነን

9 ተጫረቲ ንዝሰዓሩዎ ዓይነት ንብረት ብናይ ባዕሎም መፅዐኒን መራገፊን መጓዓዓዚን ናብ ቤት ፅሕፈትና ብውዕሎም መሰረት ኣታዊ ዝገብሩ፤

10 ዋጋ ፀኒው ዝፀንሓሉ ገዜ ጨረታ ካብ ዝተኽፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን25 መዓልቲ ጥራሕ እዩ።
11 ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ ኣማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ቤት ፅሕፈትና ሰዓራይ ኣብ ዝመረፀሉ እዋን ካብቲ መጀመሪያ ንክግዛእ ዝወፀ በዝሒ ኣቕሓ ዋጋ ክሳብ 20% ካብ ነብሲ ወከፍ ነፀላ ኣቕሓ ናይ ምቅናስ ወይ ምውሳኽ መሰሉ ሕሉው ከምዝኾነ፤

13 ነቲ ዝተጫረቶ ንብረት ሙሉእ ውሕስና ክህብ ዝኽእል፤

ንተወሳኺ ሓበሬታ 0344-455093 ምድዋል ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle